# ኮቪድ-19 ንዘስዕቦ ከቢድ ሕማም ዘለኹም ናይ ተቃላዒነት ስግኣት እንተወሲኹ እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ



## ክሳብ ሕጂ ብዝበጻሕናዮ ፍልጠት መሰረት፣ ብምኽንያት ኮቪድ-19 ንከቢድ ሕማም ብዝበለጸ ተቃላዒ ዝኾኑ ሰባት እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

- ብዕድመ ዝደፍኡ ሸማግለታት

**ኣብ ዝኾነ ክሊ ዕድመ ዝርከቡን ዝስዕቡ ናይ ጥዕና ኩነታት ዘለዎም ሰባት፣**

- ሕማም መንሸሮ
- ሓዳሪ ሕማም ኩሊት
- ሓዳሪ ሕማም ሳንቡእ፡ ከም COPD (ናይ ምትንፋስ ጽገም ዘኸትል ሓዳሪ ሕማም)፣ ኣዝማ (ካብ ማእኸላይ ክሳብ ከቢድ)፣ በሰላ ዘኸትል ሕማም ሳንቡእ፣ ሲስቲክ ፋይብሮሲስ፣ ከምኡውን ልዑል ጸቕጢ ሳንቡእ ዝኣመሰሉ የጠቓልል
- ናይ ምርሳዕ ሕማም ወይድማ ካልእ ናይ ሓንጎል ኩነታት
- ሕማም ሽኮር (1ይ ዓይነት ወይድማ 2ይ ዓይነት)
- ዳውን ስንድሮም
- ሕማም ልቢ (ንኣብነት ድኻም ልቢ፣ ሕማም ኮሮናሪ ኣርተሪ ወይ ሕማም ጭዋዳ ልቢ)
- ረኽሲ ኤች.ኣይ.ቪ
- ኩነታት Immunocompromised (ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዝተዳኸመ)
- ሕማም ጸላም ከብዲ
- ብመጠኑ ከምእውን ካብ መጠን ንላዕሊ ግዝፊ
- ጥንሲ
- ሕማም ዋህዮታት ወይ ታላሰሚያ
- ኣብዚ እዋንዚ ይኹን ቀደም፡ ሽጋራ ምትካኽ
- ተሪር ክፍሊ ኣካላት ወይ ሱር ዋህዮ ደም ምትካእ ወይ ምቕያር
- ወቕዒ ወይ ናይ ሰረብሮቫስኩላር ሕማም፤ ማለት ነቲ ናብ ሓንጎል ዝፈስስ ደም ዚጸሉ ሕማም
- ሓሸሸ ምውሳድ

እንተደኣ ሓሚምኩም ናብ ክንክን ጥዕና በዓል ሞያ ደዉሉ።

ንርእስኹም ንምሕላዉ እንታይ ዓይነት ስጉምታት ምውሳድ ከምዝትኽእሉ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ናይ CDC ርእስኹም ከመይ ትሕልዉ ዝብል ጽሑፍ ረኣዩ።

cdc.gov/coronavirus

324017-Q June 16, 2021 4:55 PM


# ገዛእ ርእስኹምን ካልኦት ሰባትን ንምሕላዉ ሓግዙ፡



## ቕድሚ ምብጋስ



**ምስቲ ኣቕራቢ ክንክን ጥዕና ብምዝርራብ** ናይ ሕክምና መዝገብኩም ኣዳልዉ።




ን 12 ሰሙን **ዝኣክል** መድሃኒት ተቐበሉ።



ምስቲ ኣቕራቢ ክንክን ጥዕና ብዛዕባ ክትባት ኮቪድ-19 ዘለኩም **ኣማራጺታት ተመያየጡ።**



**ጉዕዞ ቅድሚ ምጅማርኩም፡ ኣብ ውሽጢ** 3 መዓልታት ዘሎ ግዜ፡ **ናይ ኮቪድ-19 ቫይረስ** ምርመራ ምግባር ከድልየኩም እዩ፡ ወይድማ ካብ ሕማም ኮቪድ-19 ከምዝሓወኹም ዝገልጽ ሰነዳት የድልየኩም።

ከምዝሓወኹም ዝገልጽ ሰነዳት ክበሃል እንከሎ፡ ኣብ ውሽጢ 3 ኣዋርሕ ዝተገበረ ካብ ናይ ቫይረስ ምርመራ ናጻ ዝኾነ ውጽኢት ዘርኢ መረጋገጺ ናይ ምርመራ ከምእውን ካብ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና መሰነይታ ደብዳበ፡ ወይድማ ናይ ሕዝባዊ ኣገልግሎት ጥዕና በዓል ስልጣን ንኽትጉዓዙ ናጻ ምዃንኩም ዝሕብር መግለጺ ዘጠቓልል እዩ።




## ኣብ እዋን ጉዕዞ



**ዋላእኳ እንተተኸተብኩም፡** ኣፍንጫኹምን ኣፍኩምን ዝሸፍንን፡ ከምእውን ኣብ ብኽልቲኡ ሸነኽ ናይ ገጽኩም ብግቡእ ዝጠበቐን ማስክ ክትገብሩ ይግባእ።



**ኣዘውቲርኩም ኣእዳውኩም** ተሓጸቡ ወይ ኣልኮል ዘለዎ ናይ ኢድ ሳኒታይዘር ተጠቐሙ።




ምሳኹም ምስዘይነብሩ ሰባት ናይ ቐረባ ምትንኻፍ ኣወግዱ (2 ሜትሮ/ 6 ጫማ)።



ኣብ እዋን **ጉዕዞ እንተደኣ ተጸሊእኩም** ን IOM ን ንሰራሕተኛታት መንገዲ ኣየርን ሓብሩ።



## ድሕሪ ምብጻሕ



ብዛዕባ ኣብ ከባቢኹም **ዘሎ ፍሉይ ዝኾነ መምዘኒታትን** ምርጫታትን ብዝምልከት ሓበሬታ ንምርካብ ምስቲ ናትኩም ናይ ምጥያስ ወኪል ተዘራረቡ።



ምልክታት ሕማም **ኮቪድ-19 ብንቕሓት ተኸታተሉ።**ረስንኹም ክንደይ ከምዘሎ ዓቅኑ፡ እንተደኣ ሓሚምኩም።



ክሳብ ሕጂ እንተደኣ ዘይተኸተብኩም ኰንኩም፡ ብዛዕባ **ናይ ኮቪድ**-19 **ክታበት** ምውሳድ ብዝምልከት ነቲ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ወይድማ ናይ ምጥያስ ወኪል ሕተትዎ።




ናይ ኮቪድ-19 ክትባት ምሉእ ብምሉእ ክሳብ ትወስዱ (2 ሰሙን ድሕሪ እታ ናይ መወዳእታ ዓቀን ክትባት)፡ ነቲ ኣብ ትሕቲ "ኣብ እዋን ጉዕዞ" ተዘርዚሩ ዘሎ ደረጃታት ምኽትታልኩም ቀጽሉ።



## እንተሓሚምኩም እሞ ሕማም ኮቪድ-19 ከምዘለኹም እንተመሲልኩም፡



ኣብ ገዛኹም ጽንሑ። ብዝተኻእለ መጠን ምስ ካልኦት ሰባት ናይ ቀረባ ምርኻብ ኣወግዱ።



ምስ **ክንክን ጥዕና ኣቕራቢኹም ን ናይ ዳግመ-ምስፋር ጉዳይ ሰራሕተኛ** ተዘራረቡ። ምስ ናይ ሕክምና ኣቕራቢኹም ንምዝርራብ ናይ ቋንቋ መስተርጎሚ እንተደሊኹም፣ ጉዳይኩም ዝከታተል ሰራሕተኛ ከሕግዘኩም ይኽእል እዩ።




ህጹጽ ናይ መጠንቀቕታ ምልክታት እንተሃሊይኩም (ናይ ምትንፋስ ጸገም ሓዊሱ) ናብ 911 ብምድዋል ህጹጽ ናይ ሕክምና ሓገዝ ሕተቱ ።

**cdc.gov/coronavirus**